# ህወሓት ኮይኑ ዘይመጸ ኣሽንባይ ወጃዕ ዝበሎም

# ንኣፍሪካ ዝውክልን ዓለም ብፍልጠቱ ዝኣመነሉ

# መለስ ኮይኑ ተመጸ 'ውን ኣይንመርጽን

# መትከል ተምቤን መትከል ህዝቢ ትግራይ

ኣቲ ዘውዱ ዘውዱየ ዘውዱየ

ንፋሽሽቲ በልዮ ከብዱየ

እንተ ንሓሶት ኢዱ ምሓሸት

እንተ ንሓቂ ህወሓት ድንቂ

ህዝቢ ተምቤን ናይ ባዕሉ ዝኾነ ንዝተጋገየ ዝእርመሉ ንዝዓመጹ ዝቐፅዓሉን ዘውግዘሉን ንዘድንቆ ድማ ዘሞጉሰሉ ባህሊ ኣለዎ ባህሊ ኣውርስ።

ንኣብነት ፅያፍን ካብ ባህልና ወጻእ'ዩ ግደፍ ንምባል

- ኣቲ ሽሉ ኣቲ ሽሉ ኣብቲ ጉደና ኣንፅፍሉ
- ሽማርበ ዓዲ በርበረ
- ናኽራይ ፀሙ ሓደረ ናኽራይ ደገ ሓደረ
- ኣታዮ ሚልቦ ኣውርዱ ጉልባቦ
- ኣረጋይ ቆልዓ ደንበላየ ክልተ ጋመ ሓንቲ ሽለላየ እናበለ ብመልክዕ ፀወታ ኣውርስ ይምዕድ ኣብ ጊዜ ቃልሲ'ውን ነቲ ኣብ ማእከል ዕዳጋ ዓብይ ዓዲ ቀዳም መዓልቲ ህዝቢ ብኣልማማ ብኣገልጊ መትረየስ ዝኮስተሮ ኣብ በዓልቲ ማይ ሎሚን ዕዳጋ ብለይቲ ክኸውን ዘገደዶ ኣረጌን ብተደጋጋሚ ኣቃሊሉ ከም ዘይህልውቲ ዝገበረ። መላእ ህዝቢ ተምቤንን ትግራይን ቋንቋካ ናይ ዒፍ ቋንቋ'ዩ መግዚኢ ቸክ ዘይብልካ ድኻ ህዝቢ ተባሂሉ ከምዘይላዓል ተጌሩ ኣደንቁርካ ኣጥሚካን ብሕማም ሰንሰን

ኣቢልካን ንምግዛእ ተባሂሉ ኣደዳ ስደትን ውርደትን ዝገበሮ ስርዓት ሃፀይን ደርግን ክውቓዕ ክምዘለዎ ንምብርባር

ኣቲ ዘውዱ ዘውዱየ ዘውዱ

ንፋሽሽቲ በልዮ ክብዱ ኢሉ ዝዘየመ እዩ።

- እቶም ብሽም ናትካ ኢና ኢሎም ኣዳራዕ ህዝቢ ትግራይ ክናውሑ ላሕ ዝብሉ ዝነበሩ ወክልቲ ሃፀይ ሃይለስላሴ መራሕቲ ኢዱ’ውን

“ሸዊት ሽምብራ ሉኡለይ ወዲ ላሕምና” ኢሎም ብባህሉ ክኣትዎ ክፍትኑ ከለው

እንተ ንሓሶት ኢዱ ምሓሸት

እንተ ንሓቂ ህ.ወ.ሓ.ት ድንቂ

ኢሉ መርድእ ዝነገሮም።

ተምቤን ዓብይ ዓዲ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ ናይ መጀመርያ ሓራ ዝወፀት ኣወራጃ ኣብ ርእሲ ምኳና ብዙሕ ጊዜ ናብ ሪጅን ሰለስተ ናብ ርጅን ሓደን ክልተን መተሓላለፊት ከባቢ’ውን ስለዝነበረት ናይ ሞት ሕዮት ውግእ ዝተገበረላ እያ። ካብ ዳውስራ ክሳብ ቀርፀማራ ኣብ ዘሎ መሬት ኩሉ ሰማእታት ተዓቚቦምሉ ኣለው። ኣብ ገፅ ክምለሰለይ ኣብ ዝተገበረ ጥምጥም ናይ መጀመርያ ብብሬኖን ደረጃ ዕጥቂ ክርከብ ዝገበረ ከባቢ ምኳኑ ትንዕዘብ ክሳብ ክንደየናይ ውድብ ብንኡስ ዓቅማ ነቲ ከባቢ ትኩረት ሂባ ካብ ፈለማ ናይ ሞት ሕዮት ውግእ ከም ዝጀመረት ዝምስክር’ዩ። ካብዚ ሓሊፉ’ውን ህ.ወ.ሓ.ት ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ናይ መወዳእታ ደርጊ ኣብ ዝድምሰሰሉ እዋን’ውን መዋፈሪ ኮይና ማእኸል መአዘዚ ጣብያ ኮይና ንታሪኽ ቤ/ፅሕፈት ህ.ወ.ሓ.ት ዝተረፈላ ዓዲ እያ።

ስለዚ ህ.ወ.ሓ.ትን ህዝቢ ተምቤንን ህ.ወ.ሓ.ትን ህዝቢ ትግራይን ማለት ሓደን ሓደን እዮም ቤተሰብነት ኣይፈልዮምን ከባብያውነት ኣይሕምትሎምን ኣነነት ኣይንፅሎም ኣልፋን ኦሜጋን ፡ ማይን ፀባን ዝኾኑ ብደም ብመንፈስ ዝተወሃሃዱ ኣካላት እዮም።

ንነገሩ ደኣ ንመጥቀሊ ዘረባ ሓድነት ህ.ወ.ሓ.ትን ‘ቲ ከባብን ኣልዐልና እምበር ህዝቢ ተምቤንን ህዝቢ ትግራይን እኳ ካብ ብቀደሙ’ውን ብፀቢብ ካባብየ ከባቢኻ ዝፍለጡ

ኣይኮኑን። ንሓድነት ኢትዮጵያ ርሑቕ ከይዶም ዝሞትን ዝኳሸሑን ምዃኖም ንዮውሃንስ ኣበይ ከምዝሞቱ ናይ ኣፍሪካ ፀሊም ጀነራል ዝብል ክብሪ ዝረኸቡ ኣሉላ ኣባ ነጋ ኣበይን ከመይን ከምዝወዓሉ ንዝፈልጥ ሰብ ትግራይያ ስፊሓቶምስ ናብ ኣውራጃ ኣፅቢቦም ይሓስቡ ኣለው ተተብሃለ ወጃፅ ዝበሎ ከምዝኸውን ወይ ድማ ከባቢ ኣሳቢብካ ቁጥሚ ድልየትካ ንምርዋይ ዓቕሚ ክሒዱካ ካብ ስልጣን ተተሪፍካ ወዲዚ ከባቢ ስለዝኮንኩ ኢልካ ናይ ፅግዕተኛ ሰብ ሃትካ ንምርዋይ ወይ ድማ ወዲ'ዛ ከባቢ'የ ኢልካ ዝሓሸ ቦታ ዘለዎ በዓል ስልጣን ተልዩ ሓለፉ ንምርካብ ኮነ ኢሉ ዘጎሃህር ዳኣ ይህሉ እምበር 'ዛ ትግራይ ትበሃል ዓዲ ንዝኾነ ይኹን ከባቢ ትርሕቆ እያ ኢሉ ከእምን'ዩ ተባሂሉ ኣይሕሰብን።ተባፅን መስተውዓልን ህዝቢ ተምቤየን ከዓሞ ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተሃለዎ ኣብ ልምንዓቱን ፍትሕን ደኣ 'ምበር ኣብ ፀቢብ ከባብያዊ ዓንኬል ኣትዩ ትግራይ ሰፊሓትኒ ደቂ ዝዓዲ'ዚ ስለዝኾኑ በዲሎምኒ እገለ ግን ናተይ ወዲ ከባብየን ስለዝኾነ ንሱ ይቕተለኒ ኢሉ ኣይፈልጥን ንሓዋሩ'ውን ኣይብልን ኣይባህሉን ኣይመፈጠሩን። ህዝቢ ተምቤን ከም ንህቢ ናብ ሂወት ዘኽፍል ብረታዊ ቓልሲ ክተምም እንተሎ በዓል ብስራት ኣለማዮ መጭነቅ፡ኣወጣሽ ወልደገርጊስ፡ሓዳስ ኣለሙ፡ ኣክሊሉ ደምበርቃይ፡ሙሉ ሰንደቅ ወዘተ ካብ ክፍሊ ህዝብታት። ካብ ሰራዊት ከዓ ዳርጋ ኩሎም መራሕቲ ሰራዊትን ብፍላይ እኳ ነብሱ ይምሓር ጀግና ጀ/ሓየሎም ኣረኣያ ዝነገርዎ ሰሚዑ ፤ ባህሊ ውድብ ዘበራብርዎ ሰሚዑ ብልቢ ኣሚኑን ሞት ኣሎ ዓወትን ልምዓትን ድማ ብድሕሪኡ ኣሎ ክብልዎ ከለው በርደግ ኢሉ ዳኣ ወፈረ 'ምበር ኣበይ እዩ ዓድኩም ኢልዎም ኣይፈልጥን። ንህዝቢ ተምቤን ኣሸንባይ ብትግርኛ ዝዛረብዎ ዘለው ተጋሩ ብኣምሓርኛ ዝዛረብዎ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኢህደን እሰይ እሰይ እንኳዕ ደሓን መፃእኩም ኢሉ መዋፈሪ ዝሃበ ቤንሻንጉል፡ ጋምቤላ ኦሮሞ ኮይኖም ውድባት ንምጥያስ ናይ ካድረ ትምህርቲ ዝወሰዱ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ተመስገን ውድብና ዓብያ ሓጋዚ ረኺባ ኢሉ ካድረ ኮይኑ ዳኣ ማይን እኽልን ኮኖም እምበር ደቂ ኣይተ ኢኹም ንሱኩም ከ ዝብል ዘረባስ ካብ ኣፉ ኣይወፆን ኣብ ልቢ ዘይለ'ዶ ናብ ኣፍ ይቕልቀል'ዩ። ኣሸንባይ ኣብ እዋን ህ.ወ.ሓ.ት ብጊዜ ሃፀይ እኳ ምስቶም መራሕቲ ሰራዊት ዝነበሩ በዓል ኣሉላን ዮውሃንስን ዘሚቱ ዶባት ሃገር ዘውሐሰ ጣልያን ዝመከተ ኣብ ቀርፀ ማራ ምስ ዝወዓሉ ናይ ካልኦት ከባብታት ህዝቢ ኣብ ኣላጀን ኣብ ሶሎዳን "ውን ምስ ኦም ከይዱ'ዩ ዝመከተ። ንነገር ነገር የምፅኦ ንዕሾኽ ዕሾኽ የውፅኦ እንድዩ ነገሩ 'ዚ ዝበልናሉ ምኽንያት ኣብዚ ቅንያት 'ዚ ሃዊፅካ ፍልሖ እንዳማገርያም መዓዝ ትበፅሖ ከም ዝበሃል ገና ኣብ መረፃ ምእታዎም ከይኣወጁ ተምቤን

ንዓይ ተዘይመሪፁ መረፃ ከምዝተጭበርበረ መርኣያ ክንገብሮ ኢና። ህ.ወ.ሓ.ት ኣሽንባይ ኣብ ተምቤን ኣብ መላእ ትግራይ 'ውን ንዓይ ዝወዳደር ዜጋ የብሉን ገብሩ'ውን ኣብ መቐለ ክወዳደር'የ T.P.L.F ንገብሩ ዝሰዕር ሰብ ስለዘየቕርብ ተተሳዒሩ በቃ ኮይንዋ መረፃ ሞይታ ተቐቢራ ኢልና ክነእዊ ኢና ክብሉ ብሓደ ግፅ ይዛረቡ ምልስ ኢሎም ከኣ ኣታ ኣብዚ ዓዲ'ዚ ሎሚ 'ታይ መረፃ ኣሎ ኢልኩምዎ ኢ'ሹም መረፃስ ብጊዜ ሃፀይ (ብሃይለስላሰ ጊዜ) ተሪፉ። ኸዚ'ኮ ብስሩ ናብቲ ናይ ጃንሆይ ዝቀራረብ መረፃ የለን ኢሎም ምዝራቦም ምስማዕና ስለዘደንፀወና'ዩ።

ኣብዚ ትኩረት ተዋሂቡ ክረኣዮ ዘለዎም ሕጌን ዘብሉ ነጥብታት ተልዮም

- ኣብ ተምቤን 'ታይ ሰብ ኣልዩ'ዩ ንዓይ ዝስዕር
- ኣብ መቐለ ኸ 'ታይ ሰብ ኣልዩ'ዩ ንገብሩ ዝስዕር ሰብ ዝቐርብ ብምባሎም ካብዚ ሓሊፎም ድማ ኣሽንባይ ኣብ ተምቤን ኣብ ካልእ'ውን ዝብል ኣባሃህላ ተምቤን ንዐኦም ዝተሓዘአ መቑሸሽ ጌሮም ምውሳዶምን ምንዓቆምን ፈላላይ ባህሪኦም ምጉልሁን
- ንቲ ዝተቃለስሉ ቃል ረሲዖም ናይ ጊዜ ሃፀይ መረፃ ፅቡቕ ነይሩ ምባሎም'ዚእኳ ንቶም ነፍጠኛ ዝፅልኡ ዶ/ር ነጋሶ ጊዳዳ ኣግሪምሎምስ ተፀዊጎምዎም እዮም።
- ናትና ዕላማ መረፃ ዝተጭበርበረ'ዩ ነይሩ ምባልን ብርቱካን ዝብል ስም ኣብ ልቢ ህዝቢ ተኺልና ንምትራፍን'ዩ ኢሎም ምድርጎሖም
- ከምቲ ኣብ መስቀል ኣደባባይ ኣብ ጉጅለኦም ዝተጠርነፉ ኣይተገብሩ ንትምክሕቲ ምስዓርና ይቕርታ ዝበልዋ ኣቶ ስየ'ውን ሕሽክርና ብትብዓት ከምኣተውዋን ፀረ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ም'ኳና ብልዕለኩም ተዛሪብና ክነእምነኩም እሞ በይዛካትኩም ፍተውና ኢሎም ንምምሕፃን ዝገበር ዋሃደምደም ርግፀኛ ይገብረልካ።

ሓንቲ ሰኒ ትነብራ'ሞ ብወዲ ሞጉእ ትምውፃ'ዶ በሉ። ወዮ ብስውኣት ተለሚንኩም ምእባይኩም ከይንእስ መብራህቲ፡ ስልክን ባንክን ይእተወለይ ኢሉ ናይ ልምዓት ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ዘልዓለ ህዝቢ ኮነ ኢልኩም ፀረ-ውድብ ተቃውሞታት ዘልዐለ ኣምሲልኩም መፀለም ዝኸደንኩምዎ ስም ተምቤን ከይኣክል ሕዚ'ውን ኮነ ኢልኩም ደቂ ተምቤን ናይ ልምዓት ፌስቲቫል ንምድላው ኣብ ኣዲስ ኣበባን መቐለን ዝገበርዎ ውዕዉዕ ኣኬባ ውዲት ተቃውሞ ዘለዎ ንምምሳል ጊዜ ተፀቢኩም ነቲ ፌስቲቫል ንምትዕንቃፍ ኣብ

ካልኦት ኣሕዋትናን ብፆትናን ጥርጣረ ክነግስ ዓሊምኩም ዝገበርኩምዎ ሓሳድ ውዲት ሙሉእ ብሙሉእ ፀላኢ ተምቤን ኮይንኩም ምህላውኩም ኣመስኪሩ ኣሎ።

ኽዚ ድማ ንታ ተሪፋትኩም ዝነበረት ተምቤን'የ ትብል ዕድልኩም ኣየናይ ንዓይ ዝስዕር ተምቤነታይ ሃልዩ'ዩ ድማ ህ.ው.ሓ.ት ንዓይ ትስዕር ብምባል ከም ኣመልኩም ካሊእ ወዲ ተምቤን ዘበለ ካሊእ ኩሉ ትግራዋይ ዘበለ ኩርምራም'ዩ ስየን ገብሩን ጥራሕ ኢና ፍሩያት ንዓና ዝስተካኽል ትግራዋይ ካበይዳነኦም ከምጽኡ ተስዒሮምና'ውን መረፃ ኣይተገበረን ማለት'ዩ ኢልና ኢው ክንብል ኢና ትብሉና ኣለኩም።ግና 'ዞም ኽዚ ከም ህዝብን ውድብን ዝፀርፉና ዘለው መን እዮም? እዞም ናይ ኽዚ ወጃዕታ ውልቀሰብ ኣብ ጊዜ ሃይለስላሴ ኣቦኦም ፊደል ገዛኢ ዓዲ ኮይኖም ንሓረስቶት ሰንሰን ዘበሉ ነይሮም ግና'ዞም ናይ ኽዚ ወጃዕ ዝበሎም ውልቀ ሰብ ኣንጻር መስፍንነት ቢሮ ክራሲያዊ ርእሰ ማልነትን ሃፀይነትን ክምክት'የ ኢሎም ንቲ ኽዚ ፅቡቕ መረፃ ነይርዎ ዝበልዎ ስርዓት ሃፀይ ከይተረፈ ኣውጊዞም ንበረኻ ወፂኦም ምስ ብፆቶም ኮይኖም ደርግን ተረፍ መረፍ መስፍንነትን ዝደምሰሱ እዮም። ኣብኦም ደርጊ ብግፍዒ ዝቐተለሎም ልዕሊ ሰለስተ ኣሕዋቶም ዘጋደሉ ቤተሰቦም ዝተበሳበስዎምን ዝተኣሰርዎምን ነይሮም። ንዚ ዘይዓጀቦም እዞም ትዕቢተኛ ውልቀ ሰብ ግና ካሕሳ ይግብኣኒ እዩ ዝብሉ ይመስሉ ገና ደርጊ ድምስስ ክብልን መጥሓን ውድብና ጨውዮም ናብ ገዝኦም ወሲዶም ንስድረኦም ክህቡን ኣይተቐደሙን። ውዕል ሕድር እናበሉ 'ውን ንወለዶም ፈልዮም መብራህቲ ምእታው ንነብሲ ወከፍ ኣባል ስድራ ገዛ ኣብ ዓዱ ምስራሕ ደረጀኡ ዝሓለወ ህንፃ ኣስሪሖም ብቲ ሽው ጊዜ ርእሰ ምምሕዳርን ፀሓፊትን ክልላዊ ትግራይ ዝነበሩ ኽዚ ንዓኣቶም ዝስዕር የለን ዝተብሃሉ ውልቀ ሰባት ከም ዓብይ ብሄራዊ ልምዓት ዝተሰርሐ ከይድኩም መርኆዎ ኢሎም ክምረኾ ዝገበሩ ብኣሕዋቶም ስም ም.ፍ.ኣ.ም ዝበሃል ብዙሕ ሃብቲ ሃገር ዝወረረ ካምፓኒ ብምቁዃም ኣብ መቐለ ዝነብሩ ኣካል ጉድኣት ቃልሲ ዝኾኑ ጀጋኑ ተጋደልቲ ዘከፋፍልዎ ዝነበሩ ቢራ ንም.ፍ.ኣ.ም ይወሃብ ኢሎም ናይ ታሪክ ተሓተቲ ዝኾኑ ብዝገብርዎ ዝነበሩ ሃረምረምን ምዝማት ሃብቲ ውድብን መንግስትን ተኸሲሶም ፍርዶም ዝረኸቡ ምስቲ ንርእሱ ኣንጃ ኢሉ ብዕሊ ዝፀወዐ ውድብና ከፍርስ ንቶም ህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ኣሕዋቱ ተቓሊሱ ዝማረኾም ደርግን ተረፍ መረፍ ትምክሕትን ኣብ መስቀል ኣደባባይ ተጠሊያም ስለዝሰዓርናኩም ብስም ኣንጃ ይቅሬታ ንሓትት ዝበሉ ዝተመሓዘው ውልቀ ሰብ እዮም እዞም ኽዚ ህዝቢ ዘስተናዕቁ ዘለው ውልቀ ሰብ። እዞም ከምዚ ዝበለ

ሰብእና ዘለዎም ውልቀ  ሰብ እዮም እምበኣርከስ ንህዝቢ ብምንዓቕ ካባይ ዝበለፀ መን ኣለካ መማረፂ የብልካን ንዓይ ኢካ ትመርፅ ተዘይመረፅካኒ ግና መረፃ ተጭበርቢሩ እዩ ኢሎም ብትዕቢት ኢድን እግርን ዘይብሉ ዘረባ ዝዛረቡ ዘለው።

ፅያፍ ዘይከተቱ ፀረ-ህዝቢ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝባኖም ዝሰረሮም ፀላእቲ ንህዝቢ ተፀረፉ ዝነበረን ብብረት ዝምከትናዮን ስለዝኾና ኸዚ'ውን ስርዓት ሃይለስላሰ ዝናፍቁ ሕሽክርና ትምኽሕቲ ዝበሃሉ ሰባት ተፀረፉና ቅጭጭ ኣይብለናን። ምኽንያቱ ፃላኢ ኩሉ ግዜ ፀላኢ'ዩ ፈታዊ ጥራሕ እንኳዕ ዘይፀረፈና'ዩ መልስና ንሕና ድማይ።

ብወገንና ደጊሚና ደጋጊምና ኣስሚርና ንነግረኩም ነገር እንተሃለወ ኣብ ልምዓትናን ሓድነትናን ኣብ ፍረ-መስዋእትናን ዴሞክራሲያዊ ባህልናን ኣብ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምዕባለናን ብውድብናን ትግራዋይነትናን ዝመፀና ሓዱሽ ተጣላዒ ተሎ ከምታ ኣቦና ባራንባራስ ኣለሙ ሃይሉ ዝብልዋ'ያ ቃልና።

ኣብ ቀረባ እዋን እዞም ኸዚ ኣየንኡ ቁም-ነገር ዘለዎ ወዲ ተምቤንን ጥዑይ ትግራዋይን ሃልዩ'ዩ ህ.ወ.ሓ.ት ሰብ መራሪፃ ንዓይ ዝስዕር ክተቅርብ ኣሸንባይ ኣብ ተምቤን ኣብ ካልኦት ወረዳታታት'ውን ንዓይን ንገብሩን ዝስዕሩ ኣይትረክብን ክብሉ ዝተላገፁ ሰብ ጓል ባራንባራስ ኣለሙ ሃይሉ ወ/ሮ ሓዳስ ኣለሙ ስለዘእተው ንስድራ ሓዳስ ክሰብኹ ያኢ ዓብይ ዓዲ ወሪዶም

ቀንዮም ነበሩ እዞም ኣእምሮኦም  ኣረጋጊኦም  ናብ መረፃ ዘይኣተው ሰበኣይ 'ታይ ኢለምዎም እዮም ከምኡ ዝመለስሎም ኣይተሰምዑን እምበር ኣቦና ባራንባራስ ኣለሙ ሃይለ ግና "ኣታ ወደይ 'ታይ ዲኻ ኮይንካ ተረጋጊእካ ዘይትነበር 'ዛ ጓልና 'ውን ዕረፍቲ ሃባ ብዛዕባ ምምራፅ ተኮይንካ ፍሉጥ እዩ። ህ.ወ.ሓ.ት ኮይንካ ተመፃእካ ክትምረፅ ኢኻ ህ.ወ.ሓ.ት ተቓዊምካ ተመፃእካ ግና ኣሸንባይ ንስኻ መለስ ንህ.ወ.ሓ.ት ተቃሪኑ ተመፂኡ'ውን ኣይንመርፆን"

ካብ ህ.ወ.ሓ.ት ወፃእ ንሕና'ታይ ሂወት ኣለና ዝብል ቁርፅ ዝበለ መትከል ህዝቢ ተንቤንንን መትከል ህዝቢ ትግራይን እዮም ዝነገርዎም ድሕሪ'ዚ ምኽሪ'ዚ ተምቤን ካባይ ዝበለፀ ህ.ወ.ሓ.ት ኣቕሪቡ ክስዕረኒ ኣይኽእልን ምባሎም ብሓቂ ከምቲ ገለ ደቂ መቐለ ኣሕፈሮም ዝበልዎም ገጢምዎም ከይኸውን ምጥርጣር የድሊ። ኣሕፈሮም ማለት ቀደም ጀግና ተቓላሳይ ነይሩ ደሓር ብዘይተፈለጠ ምክንያት ዝዓበደ ግና ኸ ጨርቂ ዘይደርበየ እምኒ

ናደርበየ ንሰብን ንብረትን ክኅድእ ዘይጀመረ ጉልቡት ዝነበረ ኮይኑ ኸዚ ግና ነብሱ ወዲኡ ኣእዛኑ ኩር ዝበለን ስኑ ምግህጫም ዝጀመረ ኣብ ቀበሌ 17 ዝነብር መሕዘኒ ፍጡር'ዩ

- ንሕና ብርትዒን ትፈታሕ ዝብል ዕላማ ሒዝና 'ዚ ሕቶ ኣብ ልቢ ህዝቢ ክነብር ኢና ንቃለስ ዋላ ዕላማ ኣይሃልወኒ ኣነ ወዲ ፅሩይ ዓፅሚ ስለዝኾንኩ ዝኮነ ይኹን ትግራዋይ ምሳይ ተወዳዲሩ ኣብ ተምቤን ኣይስዕርን ገብሩ ኣስራት'ውን ኣብ መቐለ ክወዳደር እዩ ዝኾነ ይኹን ትግራዋይ ምስ ገብሩ ክስተኻኸል ዝኽእል ህ.ወ.ሓ.ት ኣይተቅርብን መረፃ ማለት ኣብ ጊዜ ሃይለሰላሴ ሓሊፉ ናይ ኸዚ መረፃ ናብቲ ናይ ሃይለስላሴ መረፃ ኣይፀጋጋዕን ኢሎም ነቲ መዝማዝን ጨቋንን ኢሎም ዝተቃለስዎ ስርዓት ምንፋቅ ምስ ጀመሩ ባንዴራ ማኦ ኣንበሳ ኣብ ክሳዶም ኣዚሮም ኣብ ጠረጴዘኦም ገቲሮም ለለ ምባል ምጅማሮም ዝተዓዘበ ህዝቢ ርእሰ ከተማ ትግራይ እዩ እምበኣርከስ ኣሕፈሮም ኢሉ 'ዞም ውጀዕ ዝበሎም ሰብኣይ ዝሰየሞም ወርቂ ትዕዝብቲ።

ኸዚ'ውን ህዝብና ንዞም ሰባት ሓፂር መልሲ 'ዩ ዘለዎ ህ.ወ.ሓ.ት ኮይኑ ዘይመፀ ኣሸንባይ ውጀዕ ዝበሎም ኣፍሪካ ይውክለኒ 'ዩ እናበላ ብብልፁነቱ ዝመረፆ ዓለም ብብልሂ ፍልጠቱ ሃገራዊ ራእዩን ዘድነቆ መለስ ኮይንካ ተመፃእኻ 'ውን ኣይንመርፅን ንሕና ንህ.ወ.ሓ.ትን ዕላማኣን እምበር ንውልቀ ሰባት ጉጅለታትን ኣምልኮ የብልናን። ህ.ወ.ሓ.ት ምኳን'ዩ ሓይሊ፡ ህ.ወ.ሓ.ት ምኳን'ዩ ፍቅሪ፡ ህ.ወ.ሓ.ት ምኳን 'ዩ ዘምርጽ፣ ህ.ወ.ሓ.ት ምኳን'ዩ ልብን ቀልብን ዘግዝእ።

*ተወልደ መድህን ሃይሉ*

*ዓብይ ዓዲ*